

# ላም እኺ ዋናኣ ትፈልጥ!

*ብተኽለኣብ ይስሃቅ*

ከምዚ ሎሚ ኸይኮነ፡ ጐላጉል ባርካ ሰጥ ዝበለ ሜዳ፡ መሬት ኢራባት፡ መሬት ኣግማል፡ መሬት ብጋይት፡ መሬት ሓረምዝ ወዘተ፡ እምበር'ዩ ነይሩ። ኣብ እዋን ክረምቲ ገምገም መረብ ኣዝዩ ብርቱዕ ሳዕሪ፡ ልዕሊ ቁመት ሰብ ስለ ዝበቖል፡ ካብ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል መብዛሕትኡ ሰብ ክሳዕ መሬት ዝጥሕስስ፡ ኣብ ክብ ዝበለ ቦታታት እዩ ዝቕመጥ ነይሩ። ኣብ እዋን ቀውዒ፡ ማለት ሳዕሪ ሰዊቱ ኺነቕጽ ምስ ጀመረ፡ ብጋይት ባርካ ኣዝየን ይጸግባ እሞ ይሰብሓ። ጓሶተን ድማ ጸልማ ጸብኦም ሰትዮም ኣብ ለሰታት ባርካ ለጥ ኢሎም ኬዕርፉ ኺትርእዮም ከሎኻ ከመይ ባህ ዜብል እዩ ነይሩ። ጓሶት ከብቶም ሳዕረን በሊዐን ጸጊበን ኽዕንድራ፡ ኣዝዮም እዮም ዚሕጐሱ። ደኹን እምበር፡ ኣዋርሕ ኣጻምእ ሓጋይ ይመጽእ ምህላዉ ብምፍላጥ ኺዳለዉ ናይ ግድን እዩ።

እቶም ጓሶት ሳዕሪ ኺውዳእ ኺጅምር ከሎ፡ ካብ ከባቢኦም እናርሓቑ፡ ኣብ ዝመሰዮም ድማ እናሓደሩ እዮም ዚኸዱ። ኣብ እዋን ግንቦት እቶም ኣዝዮም ብዙሓት ብጋይት ዘለዎኦም፡ መሬት ኤርትራ ወዲኦም፡ ተከዘ ኣቋሪጾም ኣብ መሬት ቤጌምድር ንቕሩብ ኣዋርሕ ሳዕሪ ኼብልዑ'ወን ይረኣዩ እዮም። እዞም ጓሶት እዚኣቶም ሓደ ሓደ እዋናት ኣብ ዓመት ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ምስ ስድራ ቤቶም ኣይቕመጡን። ንሓንሳእ ክሳዕ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ዝመሰዮም እናሓደሩ ምስ ከብቶም ኰለል ብምባል ናብራ ሰበኽ-ሳግም ይነብሩ። መግቦም ከኣ ብዘይካ ንቕሩብ ኣዋርሕ ካብ ጸባ ከብቶም እዩ።

ኣብ በረኻ ኰለል ኺብሉ ኸለዉ ካብ ኣራዊትን ሕማምን ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ሽፋቱ'ውን ሰጋእ እናበሉ እዮም ዚነብሩ። ሓደ ሓደ እዋን ከኣ ረኻቢኦም ኸይተፈልጠ ዝሞቱን ዝጠፍኡን'ውን ኣሎዉ።

ጓሳ ብጋይት ባርካ እንተድኣ ኰይኑ፡ ምስተን ከብቱ ዝረዳድኣሉ ክረን (ምስ ከብቲ እትረዳዳኣሉ ቋንቋ) ኣለዎ። ንነፍሲ ወከፈን በብስመን እዩ ዚጽውዐን። ይሰምዓአ ኸኣ። ካብ ዝሓደራሉ ናብ ዝውዕላሉ ኺብገሳ ኸለዋ ናይ ምብጋስ ክረን የስምዐን፡ ብሓባር ኩለን ብድድ ኢለን ድማ ይብገሳ። ዋንአን ስለ ዚፈልጣ ናይ ዘይዋንአን ድምጺ ሰሚዐን ኣይስዕባኣን እየን። ጨና ናይ ዋንአን'ውን ስለ ዚፈልጣ ብዘይዋንአን ኺሕለባ ኣይፈቕዳን እየን። ኣየሕደሳሉን'ውን (ጸባ ኣይህባን)።

ብእዋን ሓጋይ፡ ለይቲ ኹይኑ መሬት ምስ ዘሓለ፡ ፋሕ ኢለን ሳዕሪ ኺበልዓ ኸለዋ፡ ድምጺ ዋንአን ስለ ዝሰምዓ ፍርሃት ኣይሰምዐንን እዩ። ንሱ'ውን ምእንቲ ኸይፈርሃ ብሀድእ ዚበለ ድምጺ፡ ጥዑም ቃና መዛሙር የስምዐን። ፍልጠት ሀላውነት ናይ ጓስአን፡ ኣራዊት ኼጥቅዐን ምስ ዚመጽእ፡ ሓቢረን ክከላኸላ የተባብዐን።

መብዛሕትኡ ጊዜ እዘን ኣብ ዝመሰየን እናሓደራ ዓመት ምሉእ ዘሕልፋ ንጹፍ (ዘይሕለባ) ይባሃላ። እተን ውሉድ ዘለወን ከኣ ንበይነን ይፍለያ እሞ፡ ሕሉብ (ዝሕለባ) ይባሃላ፡ ንበይነን ከኣ ይጓሰያ። እቲ ጓሳ ኣብ እዋን ሓጋይ ካብ ቦታኡ ኣዝዩ ርሒቑ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ንኸይጠሚ ኣቐዲሙ ግርም ዝኾነ ምድላው ይገብር።

እምበኣር እተን ብጋይት ጓስአን ኣዝዩ ኽም ዜፍቅረን ይፈልጣ፡ ይሰምዕኦን ይእዘዛኦን ከኣ። ጓሳ ብጋይት ባርካ ንኽብቱ መሪሑወን እዩ ዚኸይድ። ብየማነ-ጸጋሙ ዓጂበናኦ ኪኸዳ ኸለዋ ከኣ ንረኣይኡ ዘገርም እዩ። እዚ ኪኸውን ዚኽእል ኸኣ፡ ንሱ ፍቕሩ ብግብሪ ስለ ዘርኣየን እዩ። ንሳተን ምእንቲ ኸይጠምያ፡ ገዛእ ርእሱ ክሒዱ ፈቐዶ በረኻን ኲርባን፡ ሕማምን ጥምየትን፡ ጽምዋን መሪጹ። ንሱ ምእንትኣን ንነፍሱ ወፈየ።

ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ዓስራይ ምዕራፍ፡ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ፡” ይብለና። “ኣባጊዐይ ይፈልጣኒ፡ ኣነ’ውን እፈልጠን...፡” ኪብል ከሎ፡ ክሳዕ ክንደይ ከም ዜፍቅረና ብዝርድኣና ቋንቋ ንምግላጽ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ጓሳና ኼነለሊ ድምጹ ኺንሰምዕ ይግባኣና። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ ኺብለና ኸሎ ምስ ዘይንሰምዮስ ዓ ያሱዶ ኣይገብረናን? ላም እኳ ጓስኣ ትፈልጥ! እምበኣርከስ ኣነን ንሰኻትኩምን መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ጓሳና ምዃኑ ከዘኻኽረና ኸሎ ብዝርድኣና ቋንቋ እዩ። ድምጹ ኽነለሊ ከምኡ’ውን ኺንስዕቦ ይግባኣና። ጓሳኣ ዘይተለሊ፡ ድምጹ ኸኣ ዘይትሰምዕ ላም መፍቶ ኣራዊት ትኸውን፡ በላዒኣ’ውን ኣይትፈልጥን። ንጐይታ ዘይትሰምዕ ነፍሲ ኸኣ ኣደዳ ጥፍኣት ትኸውን። ጓሳ ኸሎና ንምንታይ ተባሪርና ንጠፍእ? ላም እኳ ጓስኣ ትፈልጥ!

## ኣይግድን

ሓደ እዋን ሓደ ሰብኣይ እቲ መዓልታዊ መነባብሮኡ ከተሓሳስቦ ጀመረ። እቲ ዝገብሮ ዘብለ ኩሉ ጸብጺቡ ኸኣ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ዳርጋ ኣብ ምውቃስ ኣተወ። “ሓንቲ መዓልቲ ኣነ እንተ ትኸውን ሽዑ ምፈለጠቶ ነይራ፡” ክብል ጀመረ። “ኣንታ ኣምላኽ! እዛ በዓልቲ ቤተይ እቲ ኣነ ዝሰርሖን ዝሙከሮን፡ ኣብዛ ገዛ እንዳ ወዓለት ትርድኦ ኣይትመስልን። ምእንቲ ኽትፈልጦስ፡ ባህርያትና እንተ ትቐያይረና፤ ኣነ ንሳ፡ ንሳ ኸኣ ኣነ እንተ ትኸውን ከመይ ጽቡቕ ነይሩ፡” ክብል ናይ ልቢ ትምኒቱ ናብ ፈጣሪኡ ኣቕረበ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ዚሰኣኖ ዘይብሉ፡ ትምኒቱ ሃቦ።

ወርሒ ኽይገበረ ግና እቲ ናብራ ኣዝዩ ኸበዶ። ኣብ መወዳእትኡ፡ “ዎ እግዚኣብሄር! ኣነ ድኣ’የ ነቲ ናታ ኽርዳኣላ ዝግባኣኒ ነይሩ እምበር ንሳ ኣይኰነትን። ሕጂ ተረዲኡኒ። ኣብቲ ኣነ ዝገብሮ ጥራይ ከተኩር፡ ነቲ በዓ ልቲ ቤተይ እትገብሮ ክርእዮ ኣይከኣልኩን። እሞ ኽይተረድኣኒ ጌጋ ነገር ተመንየ። እዚ ናታ ኣነ ኣይክእሎን እየ። እሞ በጃኻ፡ ከከም እታ ዝነበርናያ ግበረና።” ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሄር ኸኣ ንጸሎቱ ሰምዐ። በሎ ኸኣ፡ “ወደየ፡ ጸሎትካ ሰሚዔዮ ኣለኹ። ዝለመንካዮ ኸኣ ሂበካ ኣለኹ ግና ሸሞንተ ወርሒ ኽትጽበ ኣሎካ፡” በሎ።

## ዝኣመነን እተጠመቐን ኺድሕን፡ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ።

ማር 16፡16

ኣብ ውግእ ሞት ኣሎ። ድሕሪ ሞት ከኣ ፍርዲ ኣሎ። ነቲ የሱስ ክርስቶስ፡ “እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ ብህይወት ኺነብር እዩ።” ዝበሎ ሰምዮም፡ ኣሚኖም እንሆ ወተሃደራት ውግእ ቅድሚ ምእታዎም ነታ ዝረኸቡዋ ዕድል ይጥቀሙላ።



Photo courtesy of the U.S. Army.

ኣብ ቀላይን ወሓይዝንሲ ይትረፍ ዕቋር ማይ እኳ ዘይርከቦ ኣጻምእ ምድረ-በዳ ክዌት ስርዓት እምነቶም ከማልኡ ይረኣዩ።

ኣብ ዕራቕ ክዋግኡ ዝኸዱ ወተሃደራት ባዕሎም ኲዒቶም ኣብ ዘዕሞቕዎ ምድሪ፡ ማይ ዘይሓልፎ መንጸፍ ኣንጺፎም ንየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒኦም ተቐቢሎም፡ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ተጠሚቖም።

ኣብታ እዋን እቲኣ ኣሚኖም ዝተጠመቑ ቁጽሪ ወተሃደራት ሸሞንተ እዩ።